ኣይናትካን'ያ

ግንቦት 24/2018

ብ ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)

ኣይናትካን'ያ ህግደፍ ጒንበት መን ሂቡካ?

ንብረት ናይ ህዝቢ'ያ ኣጥብዩ ዘዕበየካ።

ጠላማት ሓቖፍካ ጀጋኑ ትዂንን

ከመይ ጌራ ጒንበት ንዓኻ ትኸውን?

ኣሉ ዝኣመሉ እስከ ንገረና

ከተምስል መታን ተብዕላ ምሰና

ቀይሕ ደም ከፊልና ዘውጻእናያ ሓራ

ብሰንኪ ጥልመትካ ጒንበት ተደፊራ

ሃመማ ሻዲኑ ንህቢ ተበቲኑ

ወኻርያ ነጊሳ ኣምበሳ ደኒኑ

ዓለም ዘመስከሩ ጀጋኑ የሕዋትና

ጒንበት'ሞ ዝያዳ ክንዝክሮም ኢና

ጵግዕ-ጵግዕ የለን ኣይናትካን'ያ ጒንበት

ዳስካ ድኣ ድለ ናይ ሰይጣን ጒረቤት

ኣዝማድ ኣለውኻ ኲነንቲ ሰውራና
በተ-ሰብካ ኩሎም ፈሊጥናዮም ኢና
ናይ ምስጢር ደብተርካ ዓው ኢሎም ዘንብቡ
ኣበይ ዘላ ጕንበት ኢሎም ዝዛረቡ

ንስኻ ብድሕሪት ዝሕይኹ ኲርምቲ
ንሳቶም ብቕድሚት ስኒ መመንጨቲ
ሃገር ኣይትምሰልካ ሓሚማ ትነብር
ሓኪም ትወልድ'ያ መድሃኒት ዝሕብር

ኣይናትካን'ያ ጕንበት ዋናታት ኣለዉ
ንሳቶም'ዮም ክኣ ሓኪም ዘዳልዉ
ሕጅስ ፈሊጥናኩም ሕማም ናይ ህዝብና
ሓባእቲ መድሃኒት ሓባእቲ ክኒና

ኣጽዲፍኩሞ ህዝቢ ደፊእኩም ብቕድሚት
ብድሕሪት ትወግኡ እሾኹ ከም ዕንቅርቢት
ስዒሩኩም ሎምስ ጌርኩሞ ብግህዶ
ውርደት ተሰኪምኩም ካላእ ትዋረዶ

እቶም ደቂ ጕንበት ኣብ ስደት ይነብሩ
እቶም ጸረ- ጕንበት ኣስመራ 'ዕንድሩ

ጕንበት ዘፍረየቶም ናብ ዕዳጋ ’ወርዱ

ስርዓት ህግደፍ ክኣ መንእሰይ ይነግዱ

ተፋሊጥና ’ለና ብላዕሊ ብታሕቲ

ብዓል መን ምዃኖም እቶም መላፍንቲ

ደቂ ጕንበት’ሞ ንሰማማዕ ጥራይ

ምውጽኡ ’ይተርፎን’ዩ ብዓል ገዛ ኸራይ

ህግደፍ መገሸኦም ሎምስ ተፈሊጣ

ክንደይ ከይስጕሙ ሰብ ጥራዩ ሳንጣ

ዘይርድኦ የለን ውዒሉ ሓዲሩ

ዘየጽንዕ የለን እንተ ተማሂሩ

ድሕሪ ደጊም የለን ብጕንበት ምሽቃጥ

ይኣክል-ይኣክል ዘይናትካ ምውጣጥ

ነዛ ሎም መዓልቲ ኣይፈልጣን ዝበለ

ብሓቁ-ብሓቁ ናቱ ድኣ ይድለ

መንእሰይ ተበገስ ታሪኽ ኣንብበሎም

ጕንበት ኣይናትኩምን’ያ ናተይ ድኣ በሎም

ብስድራይ ’ተኸፍለ ኣነየ ወራሲ

ኢልካ ተማጎቶም ንሱ’ዩ ’ቲ መልሲ

ሃየ ተረከባ ርስትኻ ’ያ ጐንበት

ምስክር ናይ ዓወት ናይ ጅግና ቀለቤት

ህግደፍ ቀንጢጡዋ ጥራይ ነብሳ ኲይና

ቅዋም ኣስፍየላ ንሱ’ዩ ክዳና።

ረድኢ ክፍል (ባሻይ)